ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን التحالف الديمقراطي الأرتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

## ዮሃና ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
## ብኣጋጣሚ ርሑስ ባዓል ልደትን ሓዲሽ ዓመትን

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ንኣመንቲ ክርስትና ድማ ብፍላይ እንቋዕ ናብዚ ክቡር ባዓል ልደትን ሓዲሽ ዓመት 2017ን'ዚ ብሰላም ኣብጽሓኩም ብምባል ሰናይ ምልእኽቱ የመሓላልፍ። ብምቅጻል ባዓል ልደት ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ባዓል ሰላምን ሰኒትን ራህዋን ክኸውን ልዑል እምነቱ ይገልጽ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከኣ ኩሎም ተኸተልቲ ሃይማኖታት ኤርትራ ነቲ ንቡር ዝጸንሐ ተኸባቢርካ ብሰላም ምንባርን ምጽውዋርን ዝመልአ ልሉይ ባህልታቶም ብምዕቃብ፡ ነቲ ብምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ጉዳይ ሃይማኖታት ዝግበር ዘሎ ኢድ-ምትእትታው ብሓባር ብምንጻግ፡ ኣብ ሃገርና ሰላምን ፍትሕን ንምስፋን ንዝካየድ ዘሎ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ኣብ ምድጋፍ፡ ዕዙዝ ተራኦም ክጻወቱ ይጽውዕ።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
30 ታሕሳስ 2016